# ካርድ ናይ ቤት-ንባብ ስድራ-ቤት ሀልሲንቦርግ

እዚ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ`ዚ፡ ኣብተን ንምትሕግጋዝ ስድራ-ቤት ሀልሲንግቦርግ ዘቖማ ምምሕዳራት ብጁብ፡ ባስታድ፡ ሀልሲንግቦርግ፡ ሆጋናስ፡ ክሊፐን፡ ላንድስክሮና፡ ፐርስቶርፕ፡ ስቫሎቭ፡ ኣስቶርፕ፡ ኣንጀልሆልምን ኦርከልጁንጋን ዝርከባ ኣብያተ-ንባብ፡ መጽሓፍቲን መጽሔታትን ጋዜጣታትን ንኽትጥቀሙ ዘኽእለልኩም እዩ።

እቶም ካብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ንባብ መጽሓፍቲ ክትልቅሑ እትደልዩ ኣንበብቲ ድማ፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ-ንባብ እቲ ናይ ልቓሕ መስርሕ ብሓንቲ ካርድ ክፍጸመልኩም ዘኽእል እዩ። ኣብ ርእሲ`ዚ እውን፡ ካብቲ ዝያዳ ዝመቻእኩም ወይ ዝቐረበኩም ቤት-ንባብ ዝደለኹሞ መጽሓፍቲ ክትልቅሑን ክትመልሱን የኽእለኩም።

## ምዕቃብ ምስጢር

ዝደለኻዮ መጽሓፍቲ ክትልቃሕ እንተኾይንካ፡ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ዳታኻ ኣብቲ ናይ ሓባር ስርዓተ-ቤትንባብ ክምዝገብ/ክዕቀብ ምዃኑ ኣቐዲምካ ክትሰማማዓሉን ነቲ ስምምዕ ብክታምካ ክተረጋግጾን ከድልየካ እዩ። እቲ ዝምዝገብ ውልቃዊ ሓበሬታኻ፡ ነቲ ካብ ኣብያተ-ንባብ እትልቅሖን ተለቂሕካ ዘይመለስካዮን መጽሓፍቲ፡ ክትከፍሎ ዘለካ ዝኾነ ክፍሊት . . . . ኣብ ምቁጽጻር ከገልግል እዩ። መስርሕ ናይ`ቲ ልቓሕ ኩሉ ግዜ ብስቱር ክኾነልካ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ እንታይ ተለቂሕካ ከምዘለኻ ብዘይካኻ ካልእ ዝፈልጥ ወላ ሓደ ሰብ ኣይክህሉን እዩ።

ነቲ ዝተለቃሕካዮ መጽሓፍ ይኹን ካልእ ናይ ንባብ ሕትመታት ኣብ ግዜኡ ምስ መለስካዮ፡ ከምኡ ድማ ነቲ ክትከፍሎ ዘለካ ዝኾነ ክፍሊት ከፊልካ ምስ ኣጻፈፍካዮ፡ እቲ ብዛዕባ ዝተለቓሕካዮ ንብረት ብዝምልከት ኣብ ስርዓተ-ኮምፒዩተር ዝምዝገብ ሓበሬታ ብኡ ንብኡ ክድምሰሰልካ/ክሕከኽልካ እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ`ቲ ቤት-ንባብ እውን፡ በቲ ምስጢራዊ ኣሰራርሓ ተማእዚዞም ስለዝኾኑ፡ ዘሰክፍ ኣይክህልወካን እዩ።

ብዝረኸብካዮ ሓድሽ ካርድ ተጠቒምካ ድላይካ ክትረክብ ተስፋ ንገብር!

**ቤት-ንባብ ስድራ-ቤት ሀልሲንግቦርግ**

*ብመሰረት ሕጊ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ (PuL)፡ ብዛዕባኻ ተመዝጊቡ ንዘሎ ሓበሬታ ክትፈልጦን ቅኑዕ እንተዘይሃልዩ ድማ ንኽእረመልካ/ክቕየረልካ ክትሓትትን መሰልካ እዩ።

## ስምምዕ ናይ ልቓሕ

**ንልዕሊ 18 ዓመት ኣባጽሕ ዘድሊ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ብዝምልከት፡ ነዞም ዝስዕቡ ምልኣዮም**

- ብዛዕባ ዝልቅሖ ንብረትን ብዛዕባይን/ተለቃሓይን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ናይ ሓባር ስርዓተ-ቤት-ንባብ ስድራ-ቤት ሀልሲንግቦርግ ክምዝገብ ይቕበሎ እየ።
- በዞም ሕጋጋትን መምርሒታትን ክቕየድ፡ ከምኡ ድማ ዝዝኾነ ምትዕርራይ/ምቅይያር ምስዝግበረሎም ክሕበረ ይቕበሎ እየ።

ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ/ኮድ (10 ቁጽሪታት/ዲጂትስ ክበጽሕ ኣለዎ)

ክታም

ስም ብጽሑፍ

ዕለት

2016-05-18

**ንትሕቲ 18 ዓመት ቆልዑ ዘድሊ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ብዝምልከት፡ ነዞም ዝስዕቡ ምልኣዮም**

- ኣነ፡ ሕጋዊ ዋሕስ/መጉዚት ናይ`ዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ሰብ ኮይነ፡ ንሳ/ንሱ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ክወሃቦን ከም ተለቃሒ መጠን ውልቃዊ ሓበሬታኡን መስርሕ ናይ`ቲ ልቓሕን ኣብ ናይ ሓባር ስርዓተ-ቤት ንባብ ስድራ-ቤት ምምሕዳር ሀልሲንግቦርግ ክምዝገብ ይቕበሎ እየ።
- በዞም ሕጋጋትን መምርሒታትን ክቕየድ፡ ዝኾነ ይኹን ምትዕርራይ/ምቅይያር ምስዝግበረሎም ድማ ኣብ ግዜኡ ክሕበረኒ ይቕበሎ እየ።
- ሕጋዊ ዋሕስ ከም ምዃነይ መጠን፡ እዚ ቆልዓ ናይ ቤት-ንባብ ካርድ ሒዙ ኣገልግሎት ልቓሕ መጽሓፍቲ ንኽረክብ ሓላፍነት ክወስደሉ እየ።

ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ ናይዚ ህጻን (10 ቁጽሪታት ክበጽሕ ኣለዎ)

ስምን ስም ኣቦ-ሓጎን ናይ`ዚ ህጻን

ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ ናይ ዋሕስ/መጉዚት (10 ቁጽሪታት ክበጽሕ ኣለዎ)

ክታምን ስምን ናይ ሕጋዊ ዋሕስ/መጉዚት

ዕለት

**ሓላፍነቱ ክትሸከም ብትሕትና ንሓትት!**

## ናይ ልቓሕ ሕጋጋት

ብቤት-ንባብ ዝወሃብ ኣገልግሎት ልቓሕ መጽሓፍቲ ካብ ገንዘባዊ ክፍሊት ናጻ እዩ። እንተኾነ፡ ክሰዓቡ ዘለዎም ገለ መምርሒታት ኣለዉ። ኣዞም ንልቓሕ ዝምልከቱ መምርሒታት፡ ኣብቲ ቤት-ንባብን ኣብ መርበብ ሓበሬታ bibliotekfh.se.ብዝርዝር ተቐሚጦም ኣለዉ።

### ኣገዳሲ ዶኩመንት/ሰነድ

ካርድ ናይ ቤት-ንባብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሰነድ/ዶኩመንት እዩ። ስለዚ፡ ካርድታት ምስዝጠፍኣካ ኩሉ ግዜ ሓብር/ኣመልክት! ብካርድኻ ኣቢልካ ናይ ዝተለቃሕካዮ ዝኾነ ይኹን ንብረት በዓልካ ኢኻ ሓላፍነት ትሸከመሉ።

**ምስ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት-ንባብ ብምርድዳእ፡ ናይ ቤት-ንባብ ካርድኻ ካብ ኣገልግሎት ደው ከተብላ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ንምግባር ዝሕግዘካ ሓበሬታ ኣብ ናይ መርበብ ሓበሬታ ኣድራሻ bibliotekfh.se ክርከብ ይከኣል እዩ።**

### ናይ ልቓሕ ገደብ ግዜ

ናይ ልቓሕ ንብረት ዝምለሰሉ ዕለት ኣብቲ ንብረት ተጻሒፉ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ብልቓሕ ዝተወሰደ ንብረት ዝምለሰሉ ገደብ ግዜ ክፈላለ ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣርባዕተ ሰሙን እዩ። ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ (ፒን ኮድ) እንተሃልዩካ ብመገዲ ናይ መርበብ ሓበሬታ ኣድራሻ bibliotekfh.se፡ እንተዘብልካ ድማ ቴለፎን ደዊልካ ነቲ ናይ ልቓሕ ገደብ ግዜ ከተረጋግጾን ከተሐድሶን ትኽእል ኢኻ።

ዝተለቃሕካዮ ንብረት ክሳብ ዝምለስ በዓልካ ሓላፍነት ትሸከመሉ ኢኻ። ተለቂሕካ ዘጥፋእካዮ ወይ ዘበላሸኻዮ ንብረት ክትትክኦ ኣለካ።

ንዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ዝምልከቱ ኩሎም መምርሒታትን ሓበሬታታትን ኣብ ናይ መርበብ ሓበሬታ ኣድራሻ bibliotekfh.se. ክርከቡ ይኽእሉ እዮም።

ህጻናት ካብ ቤት-ንባብ ይኹን ብኣውተቡሳት ተጻይሩ ካብ ዝንቀሳቐስ ኣብያተ-ንባብ ዝልቅሕዎ መጻሕፍቲ ኣብ ግዜኡ ብዘይምምላሶም ዝኸፍልዎ ክፍሊት የለን። ህጻናትን ትሕቲ 18 ዓመት ኮተቴታትን ብድምጺ ዝስማዕ መጽሓፍቲ ዝልቅሑን እውን ብተመሳሳሊ ምኽንያት ዝኸፍልዎ ዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ኣይከህሉዎምን እዩ።

### ንብረት ምትካእ

ተለቂሕካ ንዘጥፋእካዮ ወይ ንዘበላሸኻዮ ንብረት ክትትክኦ ግዴታ ኣለካ።

ሕጋዉያን ዋሕስ/መጉዚታት፡ ናይ`ቲ ህጻናት ካብ ቤት-ንባብ ዝልቅሑዎ ንብረት ሓላፍነት ክሸከምሉ እዮም። ዝኽፈል ክፍሊት፡ ኣብቲ ዥተለቃሕካዮ ዓይነትን ብዝሒን መጽሓፍቲ ተመርኲሱ መጠኑ ክፈላለ ይኽእል። ዝጠፍአ/ዝተበላሸወ መጽሓፍቲ ንምትካእ ዝኽፈል ክፍሊት፡ ዝርዝሩ ኣብቲ ቤት-ንባብን ኣብ ናይ መርበብ ሓበሬታ ኣድራሻ www.bibliotekfh.se ክርከብ ይካኣል እዩ።

ዝተለቃሕካዮ መጽሓፍቲ ኣብ ግዜኡ ብዘይምምላስካ ዝጽብጸበልካ ዕዳ100 ሰከ/ክሮነር እንተበጺሑ፡ ናይ ቤት-ንባብ ካርድኻ ክትድስክል እያ።

### ስርዓት-ልቓሕ መጽሓፍቲ

ካብ ስድራ-ቤት ሀልሲንቦርግ ወጻኢ ግን ከኣ ኣብ ውሽጢ ዞባ ኖርዲክ ካብ ዝርከባ ካልኦት ኣብያተ-ንባብ፡ ብመገዲ`ተን ከም ኣባለን ዝፈልጣኻ ኣብያተ-ንባብ ኣቢልካ መጽሓፍቲ ምልቃሕ ይካኣል እዩ። ዝኽፈል ክፍሊት ድማ 10 ሰከ/ክሮነር እዩ።

**ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ/ኮድ (4 ቁጽሪታት ክህልዎ ኣለዎ):**

---

## ነዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታታት ምልኣዮ

ስም ኣቦ ሓጎ (ናይ ወናኒ ካርድ)

ስም

ወናኒ ካርድ

ኣድራሻ ጎደና

ጶስታ ኣፊስ

ቦታ

ቴለፎን

ተንቀሳቓሲ/ሞባይል ቴለፎን

ኢ-መይል ኣድራሻ